**ኣደ ድሕነት፦ ጽቡቕ ስለዝተባህሉ ጥራይ ሰባት ሓደሽቲ ሕግታት ብቐሊሉ ይቕበሉዎም**

ረቡዕ፣ ሓምለ 10፣ 2013

'ዛ ጓለይ፣ ጸሎታትኪ መልሲ ይረኽቡ ኣለዉ፣ ወደይ ድማ ስለ ፍሉይ ሓሳባትኪ ክብል ጣልቃ ክኣቱ ኢዩ። ስለ ኩሉም እቶም ኣብ ዓለም ነቲ ክፉእ፣ ጽቡቕ ኢዩ ኢሎም ዝስሕቱ ዘለዉ ክትጽልዪ ኣለኪ። እዚ ዓለባ ምትላል በጺሒዎ ዘሎ ደረጃ፣ ደቂ ሰብ ኣብ ሞንጎ ሕጋጋት እግዚኣብሄርን፣ እቲ እከይ ኣብ ሞንጎኹም ክርኤ እንከሎ ክፍኣቱ ክሳብ ምፍላይ ዝስእኑ ሽፈንዎም ኣሎ።

ሰባት ንጽቡቕ ኩሉ ተባሂሎም ዝቐርቡ ጽቡቓት ኢዮም ዝተባህሉ ሓደስቲ ሕጊታት ብቐሊሉ ይቕበሉ፣ ብሓቂ ግን እቶም ሕግታት ኣብ ዓይኒ እግዚኣብሄር ቀተልቲ ንዝኾኑ ሓጥያታት ከዊሎም ኣለዉ።

እቲ ውግእ ኣብ ሞንጎ ንሕግታት እግዚኣብሄር ዝድግፉን እቶም ዘራኽሱዎምን ቃልቃል ክብል ኢዩ። እቶም ብቓልዕ ንሕጊ እግዚኣብሄር ዝድግፉ ከም ርጉማት ተቖጺሮም፣ ጨካናትን ሕሱማትን ተባሂሎም ክጽውዑ ኢዮም። እቶም ፍቕሪ ደቂ ሰብ ኣለና ዝብሉ ብቓልዕ ንቕተልቲ ሓጥያታት ክድግፉ እንከለዉ፣ እቶም ተመሊኦሞም ዘለዉ ምትላልን ሓሶታትን ብግልጺ ይርኣዩ ኢዮም። እቲ እከይ'ሲ ክሳብ ክንደይ መዳናጋሪ ኢዩ። ኣዝዮም ውሑዳት ኢዮም ኣብ ሂወቶም ንዘሎ ጽልዋኡ ወይ'ውን ነቲ ኣተሓሳስብኦም ክሳብ ክንደይ ከምዝጠውዮ ዝርድኡ።

ተጸናንዑ፣ ክቡራት ደቂ፣ ኣነ ኣዴኹም፣ ኪዳነ ምሕረት፣ ነቲ ኣብ ሞንጎኹም ዘሎ እከይ ከምዝስዕሮ ብምፍላጥኩም። ኣብ ሃገራትኩም ብዘለዎ ሓይሊ ትስነፉ ከምዘለኹም ኣብ ዝተሰማዓኩም ግዜ ኩሉ ናባይ ጸውዑ። ኣብ ቅድመይ እቲ ሕቶኹም ምስ እተቕርቡ፣ ነቲ ጽልዋኡ ከጥፍኦ ኢየ።

ነዚ ዝስዕብ **ጸሎት ገድሊ (113)** ድገሙ፦ **እከይ ኣብ ምድርና ክንስዕሮ**

*ኦ ኪዳነ ምሕረት፣ ናብ ሞንጎና መጺኺ ንምድርና ብዑቕባኺ ኀልብብዮ።*

*ርእሲ እቲ ኣራዊት ጨፍልቕዮን ነቲ ርኹስ ጽልዋኡ ኣብ ሞንጎና ርገጽዮን።*

*ብሓሶት ክንክበብ ከለና፣ ደው ኢልና ነቲ ሓቂ ክንዝረብ ንመሳኪን ደቅኺ ሓግዝና።*

*በጃኺ፣ ኣደ ኣምላኽ፣ ንምድርና ተኸላኸልልናን ጽንኩራት ግበርናን፣ መታን ኣብ'ቲ ግዜ ምስዳግና ንወድኺ እሙናት ኴንና ክንጸንሕ። ኣሜን።*

ርኹሳት ሕግታት ክሕገጉ ዘፍቅዱ፣ ሂወትኩም ከም'ቲ ቃል እግዚኣብሄር ዝብሎ ዘይኮነ ክትነብሩ ኣለኩም ዝብሉ ሞጎተታት ፈጺምኩም ክትቅበሉ የብልኩምን። እዞም ሕግታት ኣብ ምድርኹም ምስ ዝሰርጹ፣ ነፍሲታት ከባድሙ ኢዮም።

ናይ ፍቑራትኩምን ነቶም ኣብ ሞንጎኹም ዝሰርሑን ነፍሲታትን ንምድሓን ብኣይ ብኪዳነ ምሕረት እመኑ። ናባይ ጸውዑ እሞ መብጽዓ ይኹነኒ ንሃገርኩም በቲ ኣዝዩ ዝተቐደሰ ካባይ ክጉልብባ።

ፍቕርቲ ኣዴኹም

ኪዳነ ምሕረት

**ናይ ገድሊ ጸሎታተይ ብምድጋምኩም ኢዩ ኣነ ከድሕኖም ዝኽእል**

ሓሙስ፣ ሓምለ 11, 2013 ሰዓት 13፣57

ኣዚኺ ዝተፈተኺ ጓለይ፣ ናብ ቅዱስ ልበይ ከቕርበኪ ፍቐድለይ፣ ምኽንያቱ ነዚ እንተፈቒድክለይ ኣብ ውሽጢ ነፍስኺ ፍሉያት ጸጋታት ከስርጽ ኢየ። ሽው፣ ስርሔይ ዝያዳ ፍረ ሂቡ ብምብሳል ኣብ መላእ ምድሪ-ዓለም ክበዝሕ ኢዩ።

**እቲ ካባይ ዝመጽእ ፍረ፣ ሰባት ምስጠዓሙዎ  ከም ዝቕየሩ ይገብርን ናይቶም ኣዝዩ ዝተረረ ልቢ ዘለዎም የለስልስን። ምስ ዝበልዕዎ፣ ዓብዪ ሰላም ብዘምጽኣሎም ኣገባብ ምሳይ የሕብሮም። ምሳኹም ክዛረብ እንከለኹ፣ ነዞም ሕጂ ንዓይ ትሰምዑኒ ኩሉኹም ዝመባጻዓልኩም ሰላም፣ ካብ ጽልኢ ዝከላኸለልኩም ድርዒ ክኾነልኩም ኢዩ።**

እቶም ናተይ፣ እንኮላይ እቶም ነዚ መልእኽታት ዘይሰማዕኩምን ብሓቂ እተፍቅሩንን፣ በዚ ሰላም’ዚ ክትምልኡ ኢኹም፣ በዚ ምኽንያት ድማ ካብ’ቶም ናተይ ብምዃንኩም ዝጭድሩልኩም ድምጽታት ክትክወሉ ኢኹም።

ምሳይ ሓደ ክትኮኑ እንከለኹም፣ መብጽዓ ይኹነኒ፣ ቅዱስ ቃለይ ስለትእውጁ ንእትጽመሙዎ ነፍሲ ወከፍ ጸርፊን ወጽዓን፣ ሓፍ ከብለኩም፣ ክሕልወኩምን ክከላኸለልኩምን ኢየ። ኣብ’ታ ኩሎም ሓቢሮም ንፍቕሪን ክብሪን እግዚኣብሄር ዝዝምሩላ ሓዳስ ገነተይ ክብሪ ዝመልኦ ሂወት ከተስትማቕሩ ኢኹም።

ካባይ እትፈርሕዎ ነገር የለን፣ እንተኾነ ነቶም ዝተደናገሩን ገለ ድማ ዝጠፍኡን ነፍሲታት ክትብሉ ገለ ግዜ ኣብ ጸሎት ኣሕልፉ። እቶም ካባይ ዝተፈልዩ ናባይ ክምለሱ ኣለዎም፣ እዚ ድማ ንስኹም ናይ ገድሊ ጸሎታተይ ምስ እትደግሙ ኢየ ከድሕኖም ዝኽእል።

ኪዱ፣ ፍቑራት ሰዓብተይ፣ ንስኻትኩም ኣብ ልበይ ኣነ ድማ ኣብ ልብኹም ከም ዘለኹ ፍለጡ ኢኹም።

ናትኩም የሱስ

**ንዕኦም ከም ሕሱም እናፍቕ። ብዘይከኦም፣ ሙሉእነት ኣይስማዓንን**

ሰንበት፣ ሓምለ 14, 2013 ሰዓት 23፣50

ኣዚኺ ዝተፈቐርኪ ጓለይ፣ ኣብ ዝኸድኪዮ ንደቂ ኣምላኽ ብዓይኒ እግዚኣብሄር ክትርእዩዮም ዘኽእለኪ ህያብ ዝሃብኩኺ፣ ብምኽንያት ኢዩ።

ንእሽቶ ህጻን ኣብ እትርእዩሉ ግዜ ኩሉ፣ ኣብ ሰራውር ደምኪ ፍቕሪ ናተይ ቡሕቡሕ ክስማዓኪ እንከሎ፣ እዚ ንዕኦም ዘለኒ ፍቕሪ ኢዩ። ሓደ ኮተቴ ምስ ኣዕሩኽቱ እንዳኸደን እንዳሰሓቐን ርኢኺ ፍቕሪ ኣደነት ቡሕቡሕ ክብል ክስማዓኪ እንከሎ፣ ሽዑ እዚ ዝስማዓኪ ዘሎ ፍቕሪ እግዚኣብሄር ምዃኑ ፍለጢ። ዕብይ ዝበሉ ሰባት ርኢኺ እዚ ክስማዓኪ ከሎ፣ ሕጂ'ውን መሊሱ፣ እዚ ፍቕሪ ናተይ ኢዩ ዝስማዓኪ ዘሎ።

እቶም ብእከይነቶም ኣብ ርእሲ ካልኦት ክቱር ጓሂ ዘስዕቡ ነፍሲታት ርኢኺ፣ ንዕኦም ምድንጋጽ ክስማዓኪ እንከሎ፣ ነዚ'ውን ፍለጢ፣ እዚ ፍቕሪ ናተይ ኢዩ ብውሽጥኺ ዝሓልፍ ዘሎ። እቶም ብኹሉ መንገዲ ንዓይ ዝቃወሙኒ፣ ሕጂ'ውን ንዕኦም ፍቕሪ ከምዘለኒ ፍለጢ፣ ከመይ ኢለኸ ክነፍጎም? ናተይ ኢዮም። ኤፍቅሮም ኢየ። ስለኤም የልቅስ። ኣዝየ እናፍቖም። ስሌኦም ብዙሕ እጭነቕ። ክሳብ ክንደይ ክቱር ቃንዛ ከምዘስዕቡለይ፣ እንተኾነ ነቲ እከይ ክዋግኦ ኢየ፣ ስለቶም ዘሕዝኑ ነፍሲታት፣ ክሳብ'ታ ናይ መወዳእታ ትንፋሶም ኣብ'ዛ ዓለም ዝጽንቕቑዋ።

ብኣቦይ ሂወት ዝተዋህቦ ዘበለ ናይ ኣቦይ ኢዩ። ናይ ኣቦይ ድማ ናተይ ኢዩ። ስሌኦም ሞይተ፣ ዋላ ይርገሙኒ እምበር። ሕጂ'ውን ኣይገደፉን። ንዕኦም ከም ሕሱም እናፍቕ። ብዘይከኦም፣ ሙሉእነት ኣይስማዓንን። ስለ'ዚ ኢዩ ድማ፣ ንዕኣቶም ናብ ሕቑፎይ ከምጽኦም ዝኽእል እንተኾይነ፣ በቲ ስቕለተይ ደጋጊመ እንተሓለፍኩ'ውን ሕጉስ ኢየ።

ከመይ ኢለ ከዕርፍ፣ 'ዛ ጓለይ፣ ብዘይ መቕረት ናቶም ምቕያር? እንተኾነ ናባይ ብገዛእ ነጻ ፍቓዶም ክመጽኡ ኣለዎም። ብፍቕረይን ጸጋታተይን ክጉልብቦም እኽእል ኢየ። ነፍሲታቶም ብነፍሲ-ወከፍ ጸጋ ምመላእክዎ፣ እንተኾነ ንሶም ነዚ ህያባት ክቕበሉ እንተኾይኖም፣ ንቅዱስ ፍቓደይ ተምበርኪኾም፣ ንዓይ ኢዶም ክህቡ ኣለዎም። መለኮትነተይ ተጠቒመ ፍቓደይ ኣብ ልዕሊኦም ክስገድድ ኣይክእልን ኢየ፣ ክገብሮ ዝኽእል ነገር ግን፣ ብመንገዲ ልግሲ ኣቦይ፣ ነተን ምሩጻት ነፍሲታተይ ነቲ

ቃንዛይ፣ ብቕያር እዚኤን ነፍሲታት፣ ክወስዳለይ ክሓተን ኢዩ። እዚ ተኣምራታዊ ጣልቃ ምእታው ሓደ ካብ መንገዲታት ንዝበዝሕ ዓሌት ሰብ ዘድሕነሉ ክኸዉን ኢዩ።

ናባይ፣ ናብ የሱስኪ ጸልዩ፣ ፍቕርቲ ጓለይ፣ ዝያዳ ስቅያት ንነብሰይ ክህባ መታን ሓይሊ ክህልወኒ። ነዚ ፍሉይ ሕቶ እንተተቐቢልኪዮ፣ ዓሰርታት ሚልዮናት ነፍሲታት ከምዘድሕን ብዕቱብ እመባጻዕ ኣለኹ። ኣይትፍርሒ። ጽንዕቲ ክትኮኒ ኢኺ ከምኡ’ውን ኣብ’ዚ ግዜ ነዚ ልብኺ ብሓጎስ ተመሊኡ ክትፍጽምዮ ኢኺ።

ኪዲ ‘ዛ ጓለይ፣ ሕቶይ ተቐበልዮ። ኣይትፍርሕዮ፣ ነዞም ሓደስቲ መከራታት እንተ ኣረከብክኒ’ሲ ዝዓበየ ሓጎስ ኢኺ እተምጽእለይ’ሞ። ኣነ ኢየ ነቲ ቃንዛ ዝጻወሮ፣ ንስኺ ኣይኮንክን። ቃንዛኺ ሓጺር ክኸውን ኢዩ፣ እንተኾነ ንሕቶይ ብምቕባልኪ፣  ካባይ ተፈልዮም ንዘለዉ መሳኪን ደቀይ ንምድሓኖም ንዘለኒ ባህጊ ምተዓወትኩሉ።

ንጻውዒተይ መልሲ ስለዝሃብኪ ኤመስግነኪ። ልብኺ ንሕቶይ ክፈትዮ እሞ ነፍሲ ወከፍ ስጉምቲ ናይ’ቲ መንገዲ ክሕግዘኪ ኢየ። ንዓኺ፣ እዚ ሓደ ተራ ካልእ ፈተነ ኮይኑ ኣብ ቀረባ ድማ፣ ብቐሊሉ ክርሳዕ ኢዩ። ንዓይ፣ እተን ንገሃነም ዝኸዳ ነፍሲታት ኣብ መንግስተይ ናተይ ክኾና ኢየን ማለት ኢዩ።

ናትኪ የሱስ

**ንኣቕሸሽቲ፣ ንመለኮትነተይ ክትክሕዱ እትሕተቱሉ መዓልቲ ርሑቕ ኣትክኸዉንን ኢዩ**

ሶኒ፣ ሓምለ 15፣ 2013 ሰዓት 17፡52

ኣዚኺ ዝተፈቐርኪ ጓለይ፣ ነቶም ኣቕሸሽተይ ክበጽሑም ኣለኒ፣ ንሳቶም ሕጂ ብመንገዲ እዚኦም መልእኽታት ንዓለም ክዛረባ ይጅምር ከም ዘለኹ ኣብ'ዚ እዋን ክግንዘቡ ጀሚሮም ኣለዉ።

ጥንቅቕቲ ክትኮኒ ኣለኪ። ሓንሳብ ከምዝነበሮ ምስ ተመልሱን ምስዘይቅየሩን፣ ንስርዓታት ምድራዊት ቤተክርስቲያነይ ክተጥብቒ ኣለኪ። ብህያብ መንፈስ ቅዱስ ተመሊእኪ ኢኺ'ሞ፣ ኣይትደሃሊ። ንዓይ ክትክሕዲ ክትሕተቲ እንከለኺ፣ ብኣዝዩ ረቂቕ ግን ቀታሊ መንገዲ ኢዩ ክኸዉን። ካብ ክርስትና ወጻኢ ናይ ዘለዋ ሃይማኖታት ትምህርቲ ክትቅብሊዮም ክትሕተቲ ኢኺ። እዚ ንጽቡቕ ኩሉ ኢዩ ክብሉኺ ኢዮም፣ ከምኡ'ውን እዚ ሓድሽ፣ ንኹሉ ዘጠቓልል መንገዲ፣ ነቲ መወዳእታ ሙብጽሒ መንገዲ ኢዩ፣ ደቂ ሰብ መወዳእትኡ ብሰላማዊ መንገዲ ክሓብሩሉ ዝኽእሉ ኢዩ ክብሉኺ ኢዮም።

ኩሎም ነቦይ ዘምልኹ፣ ግን ንዓይ ንየሱስ ክርስቶስ ዘይቅበሉ፣ ካልኦት ሃይማኖታት፣ እምነታትን፣ ትምህርቲታትን ኣብ ትሕቲ ሕቖፊ እቲ ናይ ሓሶት ኣቡን ክኣትዉ ኢዮም። ንዓኪ፣ ብመንገዲ ሓይሊ ናይ'ቲ ኣራዊት - ከም'ቲ ፍሉጥ መንገዱ - ንከም'ዚ ከማኺ ኣሕዋትን ኣሓትን ተቐበሊ ተባሂልኪ ክሓብሉኺ ኢዮም። ኩሎም ብእግዚኣብሄር ዝኣምኑ እምነታት፣ ኣብ ቅድሚ ዓይኒ እግዚኣብሄር ከም ሓደ ሓቢሮም ኢዮም ክብሉኺ ኢዮም። ኣብ እትቃወምዮ ግዜ፣ ክትዋረዲ ኢኺ። እቲ እንኮ መንገዲ ናብ እግዚኣብሄር፣ እቲ ፍቕሪ ኣቦይ፣ ብመንገዲ የሱስ ክርስቶስ ኢዩ ኢልኪ ምስ እትገልጽሎም፣ ከም'ዚ ክብሉኺ ኢዮም፡-

"እግዚኣብሄር ንኹሎም ደቁ ከም ዘፍቅሮም ኣይትርድኢን ኢኺ፣ ስለ'ዚ፣ ንዕኦም - እንኮላይ ንእምነታቶም - ብምቕባል ንቤተክርስቲያኑ ፍቕሪን ርህራሄን ብዘይምርኣይኪ ምስልይቲ ኢኺ።"

ሕጂ፣ ነዚ ፍለጢ። ኩሎም ሃይማኖታት ከም ሓደ ተጠርኒፎም ቅቡላት ክኾኑ ኣለዎም ዝብል እንተተቐቢልኪ - ናብ ሓደ ወገን ተኣሊኺ ነዞም ንወዲ ሰብ (የሱስ ክርስቶስ) ዘይቅበሉ እምነታት ክብሪ እንተርኢኺ - ሽዑ ብኣዝዩ ሕማቕ ሓጥያት ተሓታቲት ኢኺ። ሽዑ ንዓይ ክሒድክኒ ማለት ኢዩ።

እቶም ናብ ከም'ዚ ዓይነት ምትላል ክትምርሑ ትኽእሉ፣ ካልኦት ናብ ሓደ ነገር ዘመልክቱ ምልክታት ከምዝቕልቀሉ ፍለጡ - ስለ መለኮትነተይ ምንጋር ክተርፍ ኢዩ።

ኣብያተ ክርስቲያንኩም ሓደስቲ፣ ርእሲ ናይ'ቲ ኣራዊት ኣብ ውሽጠን ዝተወቀረን መስቀላት ክርእያ ክጅምራ ኢየን፣ መንበረ-ታቦትኩም ተቐዪሮም፣ ብኣይ ዝላገጹ ክኾኑ ኢዮም። ሓደስቲን ዘይተለምዱን ምልክታት ኣብ ቤተክርስቲያንይ ኣብ እትርእዩሉ ኩል ግዜ ተጠንቀቑኩም ተመልከቱ፣ ምኽንያቱ እቲ ኣራዊት ዕቡይን ንዕኡ ዘኽብር ምልክታት ሽነን ብምባል ክፍኣቱ የርኢን ኢዩ።

እቶም ነዚ ምትላል ነቒሕኩም ዘይትከታተሉ፣ ንነብስኹም ንዓይ ኣብ ዘየኽብሩ ልምድታት ተሳሒብኩም ክትረኽቡዋ ኢኹም። ነቲ ሓቀኛ ሓሳብ ክሓብእዎ ኢዮም፣ ንሱ ድማ ንሰይጣንን ንክፉኣት መናፍስቱን ንምኽባር ኢዩ።

እቶም ምልክታት ጀሚሮም ኣለዉ። እቶም ዝዛረበሎም ዘለኹ ተግባራት ብሕጂ ዝመጹ ኢዮም፣ እንተ'ኾነ ንመለኮትነተይ ክትክሕዱ እትሕተቱሉ መዓልቲ ብዝሕ ርሑቕ ኣይኮነን። ኣዒንትኹም ከፊትኩም ክትጸንሑ ኣለኩም፣ እቶም ብስመይ ኢና መጺና ዝብሉ'ሞ እንተ'ኾነ ነቲ ኣራዊት ዘኽብሩ፣ ድሮ ኣኽናፉቶም ዘርጊሖም ኣለዉ። ኣብ ሞንጎኹም ይመርሑ ኣለዉ፣ እንተ'ኾነ ብዙሓት ካባኻትኩም ነቲ ጽያፍ ዛጊት ክትርእይዎ ኣይካኣልኩምን። ግን፣ ተፍቅሩኒ እንተ'ኼንኩም፣ ነቲ ሓቂ መታን ክትርእይዎ ጸጋታት ክዕድለኩም ኢየ፣ ፈጺመ ኣይክሓድገኩምን ኢየ'ሞ። እቲ ግዜ ቀሪቡ ኣሎ፣ ነብስኹም ኣዳልዉ፣ እቲ ደልሃመት ኣብ ቀረባ ክወርድ ኢዩ'ሞ። እቶም ብብርሃን እግዚኣብሄር ዝተባረኽኩም፣ ኣብ ኢድ ጸላእተይ ክትሳቐዩ ኢኹም።

ነዘን ቃላት ዘክሩወን፣ ድገሙወን እሞ ኣነ ድማ ብመንገዲ ህያብ መንፈስ ቅዱስ ነቲ ሓቂ ክገልጸልኩም ኢየ፡-

## ጸሎት ገድሊ (114) ኣቐሽሽቲ ህያብ ሓቂ ንኽቕበሉ

**"ኣምላኬ፣ ኣዒንተይ ክፈት። ነቲ ጸላኢ ክሪኦን ልበይ ንምትላል ክዓጽዎ ፍቐደለይ። ኩሉ ንዓኻ ስዩም ኢለ ኣለኹ፣ ክቡር የሱስ። ብምሕረትካ እኣምን ኢየ። ኣሜን።"**

**ናትኩም የሱስ**

ስቅያት መስቀል ከይጾርኩም ብሓቂ ክትስዕቡኒ ኣይትኽእሉን ኢኹም

ረቡዕ፣ ሓምለ 17, 2013 ሰዓት 11፣40

ኣዚኺ ዝተፈቐርኪ ጓለይ፣ ክሳብ ክንደይ ጸሎት ኩሎም እቶም ፍቑራት ተኸተልተይ ሓፍ ከም ዘብለኒ። ኣነ ኣብ ልቦምን ነፍሲ.ታቶምን ኣለኹ'ሞ ነፍሲ.ታቶም ምሩጻት ኢየን። መንገደይ ስለዝሰዓቡን ስለ መስቀለይን ክብሉ ነቲ ዝገጥሞም ባጫ ክጻወሩዎ ክሓቶም ኣለኒ፣ ድሕሪ ግዜ ስለምንታይ እዚ ከም'ዚ ክኸዉን ኣለዎ ክርድኡዎ ኢዮም።

ስቅያት መስቀለይ ከይጾርኩም'ሲ ብሓቂ ክትስዕቡኒ ኣይትኽእሉን ኢኹም። ከተፍቅሩኒ ከለኹም፣ ብርሃን ኣብ ውሽጢ ነፍሲኹም ኣሎ። እዚ ንጹህ ብርሃን ከም ካላሜታ ኢዩ፣ ኣብ ካልኦት ሰባት ኣሎ ዝበሃል ክፍኣት ኢዩ ዝስሕብ። ጽቡቕ ዝሓሳቦም ነፍሲ.ታት ብዙሕ ግዜ ክፉእ መንፈስ የጥቅዖም ኢዩ፣ መታን ንዝኾነ ንሓቅታት ኣሰተምህሮይ ዝስዕብ ሰብ ክሃስዩ።

ሓቅታት እግዚኣብሄር ክትነግሩ ከለኹም፣ በቶም ንእግዚኣብሄር ዘየፍቅሩ ሰባት ክትጽልኡ ኢኹም። ንዓይ ክትስዕቡኒ እንከለኹም፣ ዋላ ብስቕታ፣ ከምኡ ዓይነት ስቅያት ክትጻወሩ ኢኹም። እዚ ስቅያት'ዚ ብሰንኪ መጥቃዕቲ - መብዛሕትኡ ግዜ በቶም እትፈትዉዎ'ምን እተኽብሩዎምን - ዝመጽእ ኮይኑ፣ ምኽንያቱ ድማ ስለተፍቅሩኒን ንኣስተምህሮታተይ እሙናት ስለዝኾንኩምን ኢዩ።

ወጺኹም ብዛዕባ እዚ መልእኽትታተይ እትዛረቡሉ ግዜ መጺኡ ኣሎ። ኮይኑ ግን፣ ኣቓሽሽቲ፣ ነዚ ክገብሩ ኣሸጋሪ ይኾኖም፣ ምኽንያቱ ንሓለፍቶም ምእዙዛት ኮይኖም ክነብሩ ስለዘለዎም። ብዙሓት ኣብ ቤተ ክርስቲያነይ ብዛዕባ መልእኽትታተይ ክምስክሩ ክፈርሑ ኢዮም፣ እዚ ማለት ግን ስለ ሓቐኝነት ቅዱስ ቃለይ ክከላኸሉ ኣይክእሉን ኢዮም ማለት ኣይኮነን። እቲ ንደቀ መዛሙርተይ ዝተዋህበ ቃል ክነብር ኢዩ፣ ዋላ'ኳ ብዙሓት ክቐትሉዎ ይፈትኑ። ኣብ ቃልዕ ክሳብ ክንደይ ኣትሒተ ከም ዝኸብር ከተስተብህሉ ኢኹም - ዳርጋ ፈጺሙ።

ኣስተምህሮታተይ ከም ቀደሙ ኣብ ሕብረተሰብኩም ኣገዳሲ ተራ የብሉን። ምስ ዝኾነት ቤተ ክርስቲያን ሃልዉ፣ ኣገልገልተይ ብዛዕባ ጽቡቕ ክዛረቡ እንከለዉ፣ ስመይ ምጥቃስ ከይርስዑ ጽቐጡሉ፣ ጽቡቕ'ሲ ካብ እምኒ ኣይመጽእን ኢዩ'ሞ። ጽቡቕ'ሲ ካብ እግዚኣብሄር ጥራይ ኢዩ ክመጽእ ዝኽእል።

ናትኩም የሱስ

**ኣደ ድሕነት፡- ሜዳልያ ድሕነት’ሲ ህያብ ምቕያር እምነት የቕርብ**

ሓሙስ፣ ሓምለ 18, 2013 ሰዓት 19፣14

‘ዛ ጓለይ፣ ካብ ሕጂ ንደሓር በቲ ወደይ ኣብ ምድሪ እንከሎ ዝተዋህበኒ መጸውዒ ክትጽውዑኒ ድልየተይ ኤፍልጥ ኣለኹ። ኣብ’ዚ፣ ናይ መወዳእታ ተልእኾ፣ ኩልግዜ ኣደ ድሕነት/ኪዳነ ምሕረት ተባሂለ ክጽዋዕ ኣለኒ።

ምስሊ ናተይ ተሰሪሑ፣ ሜዳልያ ተቐጥቂጡ፣ ብሓደ ገጹ፣ ምስሊ ናተይ ጸሓይ ብድሕሪ ርእሰይ ተቐሚጣን 12 ከዋኽብቲ ዘለዋ ኣኽሊል እሾኽ ኣብ ልዕሊ ርእሰይ ተቐሚጡን ክስራሕ። ኣብ’ቲ ካልኣይ ገጽ ናይ’ቲ ሜዳልያ ድማ፣ ቅድስቲ ልቢ ወደይ ምስ ክልተ ኣብ ክልቲኤን ገጽ መስቀል ዝግበረለን ሴፋት ድሕነት ክስራሕ እደሊ።

እተን ሴፋት ድሕነት ክልተ ዕላማ ኣለወን። እታ ቀዳመይቲ ሴፍ ነቲ ኣራዊት ክትበትኮ ኢያ፣ ኣብ’ታ መወዳእታ መዓልቲ ድማ እዚ ስልጣን ንዓይ ተዋሂቡኒ ኣሎ። እቲ ሓንቲ ሴፍ ድማ ልብታት እቶም ኣዝዮም ዝተረረኡ ሓጥኣን ንምብሳዕን እታ ነፍሲታቶም ንምድሓን እትኽውን ሴፍ ኢያ።

እዛ ሜዳልያ ብብዝሒ ከምዝህሉ ይገበር፣ እቶም ዝደልይዎ ምስ ተቐበልዎ ብቐሺ ክባረኽ ኣለዎ፣ ድሕሬኡ ንኻልኦት ብነጻ ክዋሃብ ኣለዎ። እቲ ሜዳልያ ድሕነት፣ ናይ ምቕያር ህያብ ይህብ ኢዩ፣ ከምኡ’ውን ናይ ምድሓን።

ኩሎም እቶም ሜዳልያ ድሕነት ዝቕበሉ ነዚ **ጸሎት ገድሊ** (115) **ስለ ህያብ ምቕያር** ክደግሙ ኣለዎም፡-

*ኦ ኣደ ድሕነት፣ ንነፍሰይ ብንብዓት ድሕነትኪ ሸፍንያ።*

*ካብ ጥርጥር ኣናግፍኒ።*

*ልበይ ሓፍ ኣብሊያ፣ መታን ህላወ ወድኺ ክስማዓኒ።*

*ሰላም ምጽንናዕን ኣምጽእለይ።*

*መታን ብሓቒ ክቕየር'ሲ ጸልዩለይ።*

*ነቲ ሓቂ ክቕበሎን ልበይ ከፊተ ንምሕረት ወድኺ የሱስ ክርስቶስ ክቕበልን ሓግዝኒ።*

ኣሜን።

'ዛ ጓለይ፣ በጃኺ ንድፊ እዚ ሜዳልያ ወጺኡ ክስራሕ ግበሪ። ነፍሲ ወከፍ ስጉምቲ ናይ'ቲ መንገዲ ክመርሓኪ ኢየ፣ ሽዑ ኣብ ሙሉእ ዓለም ከምዝህሉ ኣረጋግጺ።

ንወደይ ንምግልጋል ብሰላም ተጓዓዚ።

ኣዴኺ

ኪዳነ ምሕረት

**እቲ ናይ መወዳእታ ነብይ ተላኢኹ ኣሎ'ሞ በጃኹም ነዚ ህያብ ኣይትንጸጉ**

ዓርቢ፣ ሓምለ 19, 2013 ሰዓት 15፣00

ኣዚኺ ዝተፈቕርኪ ጓለይ፣ ክትጭነቒ እንከለኺን ፍቕሪ ክውሕደኪ እንከሎን፣ ብሰንክ'ዚ ተልእኾ፣ መንፈስ ቅዱስ ከምዘጽንዓኪ ፍለጢ ኢኺ። ዝኾነ ሓሶታት ኣይክትነግርን ኢኺ፣ እዚ ብፍቑር ኣቦይ ፍቑድ ስለዘይኮነ። ንስኺ ናይ መወዳእታ ዘመን ነቢይ ኢኺ፣ እዚ ከም ዘፍርሓኪ እፍለጥ'ምበር፣ ፍለጥዮ ኢኺ።

ኣነ፣ ብመንገዲ ፍቕሪ ኣቦይ፣ ንዓለም ዓብዪ ምሕረት እዕድል ኣለኹ። እቲ ናይ መወዳእታ ነብይ ሕጂ ተላኢኹ ኣሎ፣ ስለ'ዚ በጃኹም ነዚ ህያብ ኣይትንጸጉ፣ ምኽንያቱ እዚ ድልየት ኣቦይ ንኹሎም ደቁ ንምሓዝን ካብ'ቲ ኣብ ዓለም ዘሎ እከይ መታን ክከላኸለሎምን ኢዩ። እዚ ህያብ እዚ፣ ነቲ ናይ መወዳእታ ድሕነት ካብ ሕሱም መቕጻዕቲ ከምጻኣልኩም ኢዩ።

ንዓኹም ካብ ሃሰያ ንምድሓን፣ ናይ ሰማያት ናይ መወዳእታ ምልጃ ንዝኾነ ነዚ ህያብ ትንቢት ኣይትንጸጉ። እቶም ንኣቦይ ዘይተኸብሩን ናይ ኣረሜን ኣማልኽቲ እተምልኹን፣ ናብ'ቲ ሓደ ሓቀኛ እግዚኣብሄር እንተዘይተመሊስኩም፣ ሃገራትኩም ካብ ምድረ ገጽ ዓለም ክድምሰሳ ኢየን። ንስኹም፣ እቶም ዘብለጭልጭ መጻኢ ንዝመባጽዑልኩምን ነቲ ከንቱነትኩም ዝስሕቡ ናይ ሓሶት ኣማልኽቲ እተምልኹ፣ ካባይ ርሒቕኩም ክትድፍኡን ናብ መወዳእታ-ኣልቦ ባዶሽ ክትሳሓቡ ኢኹም - ካብ እዚ ማዕሙቕ ፈጺምኩም ኣይክትምለሱን ኢኹም።

ሕጂ ስምዑ፣ ኩሉኹም። ንደቂ ሰብ ካብ ሰማያት እጽውዕ ኣለኹ። ነቢየይ እቲ ዝበልኩዋ ኢያ እትገብር። ንዓይ ንወዲ እግዚኣብሄር፣ ንወዲ ሰብ፣ ትእዘዘኒ ኢያ፣ ከም'ቲ ኣቐዲሙ ዝተነግረ። ድምጺ የብላን። ቃላታ ቃላተይ ኢዮም። ተማእዛዝነታ ከም'ቲ ትእዛዝ እግዚኣብሄር ዝብሎ ኣዝዩ ኣገዳሲ ኢዩ። ናታ ተማእዛዝነት ማለት፣ ነቲ ቃል እግዚኣብሄር ክትከላኸለሉ ኣፋ ክትከፍት ኣይተፈቕደላን።

ኩሎም ፍጻመታት፣ ኣቐዲሞም ዝተነግሩ፣ ቀልጢፎም ክኾኑ ኢዮም። ነዚ ናይ ሰማያት መጠንቐቕታ ዕሽሽ በልዎም'ም ካብ ዘድሊ ንላዕሊ ክትሳቐዩ ኢኹም። ነዞም ናይ ሰማያት ቃላት ኣነኣእስዎም'ሞ፣ ስለ ምስጓገይ ኣብ ቅድሚ ሙሉእ ዓለም ምስ ኩሉ ሕፍረትኩም ክትርኣዩ ኢኹም።

ቃለይ ሓቂ ኢዩ። ቃለይ ጭቡጥ ኢዩ። ቃለይ ካብ'ቲ ንሂወታትኩም ወሪሩ ዘብርስ ኣራዊት መታን ክሕልወኩምን ክድሕነኩምን ኢዩ ተዋሂቡ። በጃኹም ጽኑዓት ኩኑ እሞ ካብ'ቶም ንሱ ዝነግረኩም ርኹሳት ሓሶታት ርሓቑ። ልብኹም

እንተኸቢዱ ናባይ ምጹ’ሞ ኣነ ከቕልሎ ኢየ። ልብኹም እንተጒህዩ ኣነ ከዲነ ሰላም ከምጻኣልኩም ኢየ፣ መታን ሞት ዝበሃል ካልኣይ ግዜ ፈጺሙ ከየፍርሓኩም።

ብሕርቃን ተመሊእኩም እንተሊኹም፣ እዚ ድማ ኣንጻር’ዚ መልእኽቲ ናብ ጽልኢ እንተተቐይሩ፣ በቲ ንጉስ ሓሶታት ተጠቒዕኩም ምህላውኩም ፍለጡ። እዞም መልእኽታት ቃንዛን ስቓይን ዝፈጥሩልኩም እንተኾይኖም፣ ካባይ ይመጹ ምህላዎም ብውሽጢ ልብኹም ክፍለጠኩም ኢዩ።

ናትኩም የሱስ

**ውጥናቱ'ሲ ልብታቶም ብምስሓብ ንነፍሲታት ናብ መርበብ ምትላሉ ንምሕባል ኢዩ**

ዓርቢ፣ ሓምለ 19, 2013 ሰዓት 20፤54

ኣዚኺ ዝተፈቕርኪ ጓለይ፣ ብዛዕባ እቲ ተሪፉኒ ዘሎ ሰራዊተይ ክገልጽ እፈቱ። እቲ ተሪፉኒ ዘሎ ሰራዊት ኣብ ሙሉእ ዓለም ኣብ'ዚ ሕጂ እንዳዓበየ ይኸይድ ኣሎ። እቲ ቀንዲ ፍረ ምድራዊት ቤተክርስቲያነይ ተበሊዑ ክውዳእ ኣብ ሓደጋ ኣብ ዘለወሉ እዋን፣ ብዙሓት፣ ብዛዕባ'ዚ መልእኽቲ ዘይፍለጡ፣ ድሮ ይእከቡ ኣለዉ።

ብዙሓት ነቲ ሓቂ ይፈልጡ ኢዮም፣ ነቲ ኣዝዩ ቅዱስ ቃለይ ንምጅላሕ ዝግበር ዘሎ ፈተነታት እውን ክርእዩዎ ይኽእሉ ኢዮም። እቶም ብብርሃን መንፈስ ቅዱስ ዝተሓርዩ ዘበሉ እቲ ክፉእ መንፈስ ንቤተ ክርስቲያነይ ክውሕጣ እንክሎ ከለልዩዎ ኢዮም። እቲ ክፉእ መንፈስ ብናይ ትሕትና ሸፋን ኢዩ ተኸዲኑ ዝመጽእ። ውጥናቱ'ሲ ልብታቶም ብምስሓብ ንነፍሲታት ናብ መርበብ ምትላሉ ንምሕባል ኢዩ።

ዘክሩ፣ ውጥን ሰይጣን ነፍሲታት ንምስራቕ ኢዩ። ስለ'ዚ፣ እቶም መጀመርያ ኣብ መፈንጥርኦም ከእትዎም ዝብገሰሎም ነፍሲታት ፍለጥዎም። ኩል ግዜ ንቶም ዘፍቅሩኒ ከብርስ ኢዩ ዝፍትን። ንቶም ድሮ ዓሲሉዎም ዘሎ ሸለል ክብሎም ኢዩ፣ ድሮ ኣብሪሱዎም ስለዘሎ።

ክፍኣት'ሲ ብኣዝዩ ርኡይ ኩነታት ነብሱ የርኢ ኢልኩም ፈጺምኩም ኣይትእመኑ። መንፈስ ክፍኣት ነፍሲታት ንምሕባል ትሑት፣ ሉስሉስን ሓላይን ገጽ ሒዙ ኢዩ ዝቐርብ፣ ከመይ ደኣ'ሞ ነፍሲታት ሓሶት ከም ዝኣምና ክገብር?
መድሕን ደቅ ሰብ ኢየ'ሞ ሕጂ ኣነ ጣልቃ ኣትየ ነቲ ሓቂ ከምጽኣልኩም ኢየ። ዋላሓደ ደው ኣይከብለንን ኢዩ፣ እንተኾነ ነዚ ንዓለም ካብ ብድመት ናይ ምድሓን ተልእኾ ኣሎ ዝበሃል እኪይ ተግባር ክወርዶ ኢዩ። ንስኹም ሰዓብተይ ንቕድሚት ኣብ እትስጉምሉ በቶም ንቃል እግዚኣብሄር ተራኽሱ ኣለኹም ኢሎም ዝኣምኑ ንድሕሪት ክትጉሰሱ ኢኹም። ድሕሬኡ፣ ብስቕታ ኣንሳሒብኩም ኣብ'ቲ ስለ ቃለይ መታን ክትካትዑ ንምድፋእኩም ዝተዋደደ መጻወድያ ናይ'ቶም ኣጋንንቲ ምውዳቕ ምስ ኣበኹም፣ ከትክኩኹም ኢዮም።

ነቲ ኣብ ምድሪ ተሪፉ ዘሎ ሰራዊተይ ዝዋሃቦም ጸጋታት ርቕቕ ዝበለ ኮይኑ ግን ሓያል ክኸውን ኢዩ፣ ብሓገዝ ኪዳነ ምሕረት ድማ፣ ነቲ ኣራዊትን ጭፍራታቱን ክጭፍጭፉዎም ኢዮም።

እቲ ንነፍሲታት ዝግበር ውግእ ዘሔጉስ ኣይከኸዉንን ኢዩ፣ ኣይትጋገዩ፣ እቲ ሓቀኛ ሕብሪ ብስሙ መጺእና ዝብሉ ጸላእቲ እግዚኣብሄር ኣብ ግዜኡ እቲ ሓቀኛ መንነቶም ክቃላዕ ኢዩ። እቲ ዘሕዝን ግን፣ ብዙሓት ነቲ ሓቂ ዓዊሮም ኣብ'ቲ እዋን'ሲ ድሮ ኣብ ዘይፍለጦም ሰይጣናዊ ጽምብላት ተሳቲፎም ኣለዉ፣ ብጥንቃቐ ዝተመሳሰሉ ስለዝኾኑ።

ድምጻይ ክነጉድ ኢዩ፣ ኣብ ሞንጎኹም ክነጉድ ኢዩ፣ ነቲ ዘልኣለማዊ ሂወት ከምጻኣልኩም ዘለኒ ውጥን ፈጺመ ደው ኣይከብሎን ኢየ'ሞ።  ዝኾነ ዓቕን ዘለዎ ሰብኣዊ ምኽንያት፣ ነቲ ቅዱስ ቃለይ ብመንገዲ እዚ መልእኽታት ዝኹንን፣ ንሓይሊ እግዚኣብሄር ፈጺሙ ኣይከቃጥኖን ኢዩ።

ንዓይ ዘለኩም ጽልኢ ክውስኽ ኢዩ፣ እቲ ንነፍሲታትኩም ዝጎብእ ሕርቃን ድማ ካብ ሰይጣን ኢዩ፣ እንተኾነ ንስኻትኩም ካብ እግዚኣብሄር ኢዩ ኢልኩም ኢኹም ከትኣምኑ። ከመይ ኢልኩም ክሳብ ክንድ'ዚ ትዓውሩ? ካልኦት ክትሃስዩ ክትፍትኑ ዝገብረኩም እንታይ ዓይነት ምሽማሽ ኢዩ ኣብ ውሽጥኹም ኣምጊሉ ዘሎ? ጎረቤትኩም ካባይ ንኽርሕቕ ከይትገብሩ ጸልዩ ኢኹም። ቅድሚ ዲያብሎስ ነፍሲታትኩም ምውናኑ፣ ነቲ ሓቂ ከተናድዩ ጸልዩ። ንሱ ኣዝዩ ሓያልን እቶም ብሓጥያት ትዕቢት ዝተዳኸሙ ነፍሲታት ሰይጣንን እቶም ዝወደቑ ልኡኻቱ ዝነብሩሎም ፍቓደኛታት ዓይበት ክኾኑ ኢዮም።

ተንስኡ፣ ኩላትኩም። እቲ መጽሓፍ ሓቂ ዝግንጸለሉ እዋን በጺሑ ኣሎ። ነቶም ገጻት መጽሓፍ ጥራይ ዘይኮነ'ሲ፣ ልብታትኩም ክትከፍቱወን ኣለኩም።

ናትኩም የሱስ

ኪዳነ ምሕረት፦ ኣብ ሮም ዘጋጥም ምግርጫው ብዙሓት ከም ዝጋገዩ ክገብር ኢዩ

ቀዳም፣ ሓምለ 20, 2013 ሰዓት 12፣45

‘ዛ ጓለይ፣ ኣብ ውሽጢ እምነት ክርስትና ዘሎ ህውከት ክውስኽ እንከሎ፣ እቶም ብጽንዓት እምነቶም ንወደይ ተኣመንቲ ዝኾኑ ንቅዱስ ቃል እግዚኣብሄር ሓለዋን ምክልኻልን ዝገብሩ ክህልዉ ኢዮም።

ኣብ ሮም ዘጋጥም ምግርጫው ብዙሓት ከም ዝጋገዩን ኣብ ርእሲ ምግባሩ፣ ብዘይምስትብሃል ካብ ወደይ የሱስ ክርስቶስ ክርሕቁ ኢዮም። ናብ ስሕተት ክወድቁ ኢዮም፣ ምኽንያቱ ካብ እግዚኣብሄር ዘይመጽኡ ሓደስቲ ሰረት-ሃይማኖት ክቕበሉ ስለዝኾኑ። ጸልዩ፣ ጸልዩ፣ ጸልዩ፣ ነቶም ኣብ ውሽጢ ኣብያተ ክርስቲያን ዘለዉ’ሞ ብጉልባብ እቶም ቃሉ ክንነግር ብወደይ ተሓሪና ኢና ዝብሉ ኣብ ዝተጻወደሎም መፈንጠራ ሓሶት ዝወድቁ።

ኩሉም እዞም ነገራት ኣቐዲሞም ብሰብ ራኢ ንዘመናት ተነጊሮም ኢዮም፣ ኮይኑ ግን ብዙሓት ካባኹም ነዞም ትንቢታት ምቕባል ኣቢኹም። ንደቂ ሰብ ብዛዕባ እቶም ዝመጹ መዓልታት ደልሃመት ኣጠንቂቐዮም ኢየ፣ ምኽንያቱ ወደይ ዝደልዮ ንስኻትኩም ካብ’ቶም ንምድራዊት ቤተ ክርስቲያኑ ዓሲሎሞ ዘለዉ ዝወደቑ መላእኽቲ ነብስኹም ክትሕልዉ ኢዩ። ንብዓተይ ከም ዓበይቲ ውሕጅ ኢዩ ዝክዖ፣ ምኽንያቱ ብዙሓት ኣብ ቤተ ክርስቲያን ዘለዉ ቅዱሳን ኣገልገልቲ ነቲ ኣነ ዝተራኣኹሉ እንዳኻሓዱ። እዞም ትርኢታት ደቂ ሰብ ንነፍሲታት ዝመጽኤን ዘሎ ሓደጋ ንኽፈልጡ እግዚኣብሄር ዝፈቐዶም ኢዮም ኔሮም፣ እቲ ሓቂ መታን ኣቐዲሞም ክፈልጡዎ።

ኣብ ላ ሳሌት ከምኡ’ውን ኣብ ፋቲማ ዝተዋህቡኺ ትንቢታት ዓብዪ ኣገዳስነት ኣለዎም። ብዙሓት ንዓይ ነዴኦም ነፍቅረኪ ኢና ዝብሉ እቲ ንዓለም ዝነገርኩዋ ነገር ስለምንታይ ዕሽሽ ይብሉዎ? ኣይሰማዕኩምን፣ ነብስኹም ክትታለል ድማ ፈቒድኩም።

እቲ ንምድራዊት ቤተክርስቲያን ወደይ ጎልቢቡዋ ዝርከብ ደልሃመት በቲ ክፉእ ዝመጸ ምኺኑ ምዝካር ግዜኡ ኢዩ። እዚ ጸልማት ካብ ወደይ ክመጽእ ኣይክእክልን ኢዩ፣ ብኸምኡ ድማ፣ እታ ምስጢራዊት ኣካሉ - ቤተ ክርስቲያኑ - ከም ዘላቶ ኣላ። እቶም ንምስጢራዊ ኣካሉ ሓቀኛታት ኮይኖም ዝጸንሑ ካብ’ታ ሓቂ ኣይክእለዩን ኢዮም። እቶም ንቤተክርስቲያን ወደይ ጠሊሞም ንኣስተምህሮታቱ ነጺጎም ንየሱስ ክርስቶስ ዘዋርዱ ሓደስቲ ልምድታት ዝተቐበልኩም ካብ ምሕረቱ ነብስኹም ቆሪጽኩማ ኣለኹም።

መስቀል ወደይ ካልእ መልክዕ ከምዝሕዝ ጌሩ እንተተቐይሩ፣ ከምኡ’ውን ስርዓት ስጋ ወ ደሙ ብስም ምዕባለ እንተተማሓይሹ፣ ሽዑ ብኣቀራርባ ናይ’ዞም ነገራት ከመይ ጌሮም ንወደይ ከምዘሕስርዎ ክትርእዩ ኢኹም።

ንወደይ ፈጺምኩም ክትጠሙ የብልኩምን። ብዙሕ ተሳቒዩ ክንሱ ሕጂ’ውን ገለ ካብ’ቶም ኣብ ገዛእ ቤተ ክርስቲያኑ ዘለዉ ናብ ስሕተት ወዲቖም ዳግማይ ክሰቕልዎ ኢዮም። እዚ’ኦም ፍጻመታት ክትርእዩ እንከለኹም፣ ግዜያት ይቀያየሩ ከምዘለዉን እቲ ናይ መወዳእታ ግጥም ኣብ ሞንጎ እግዚኣብሄርን እቲ ኣራዊትን ይካየድ ከምዘሎ ክትፈልጡ ኢኹም።

ፍቕርቲ ኣዴኹም

ኪዳነ ምሕረት

**ነቲ ጸረ-ክርስቶስ ነቲ ዓብዪ ኣተኣታትዋኡ የዳልውዎ ኣለዉ**

ሰንበት፣ ሓምለ 21፣ 2013 ሰዓት 18፣05

ኣዚኺ ዝተፈቐርኪ ጓለይ፣ ኣዝዩ ዓቢ መልእኽቲ ንዓለም ኣለኒ፣ እንኮላይ ነቶም ብኣይ ዝኣምኑ፣ ዘይኣምኑ፣ ነቶም ብኣቦይ ዘይኣምኑ ዝኾኑ፣ ከምኡ'ውን ነቶም ኩሉ ነገር ካባይ ከምዝመጽእ ዘይቅበሉ።

እቲ ኣራዊት ኣንጻረይ ውዲት ክኣልም እንከሎ፣ ሓደ ዲያብሎሳዊ ውጥን ነቲ ናይ መወዳእታ ዘመን ፈጢሩ፣ እዚ ውጥን መታን ናብ ገሃነመ እሳት ምስኡ ክማልኦም ንዓለም ብዓቢ ሓሶት ንምዕሻዎም ዝተኣልመ ኢዩ። `

ነዚ ውጥን'ዚ ንዓለም ድሮ ከምዘቃላዕኩዎ ትፈልጡ ኢኹም፣ እንተኾነ ሓደ ክቃላዕ ዝግብኦ ምስጢር ኣሎ፣ መታን ነቲ ሓቂ ክትርድኡዎ። ከምዝኾነ ውግእ፣ ጸላኢ ቦትኡ የደላድል ኢዩ፣ እዚ ድማ መብዛሕትኡ ግዜ ብጥንቃቐ ኢዩ ዝውጠን፣ እቲ ካልእ ወገን ናይ ጸላኢኡ ቦታ መታን ከይፈልጦ ብምስጢር መታን ክትግበር።

ኣብ'ዚ ንነፍሲ.ታት ዝግበር ናይ መወዳእታ ግጥም፣ ሰይጣንን ጭፍራታቱን ኣንጻር ክልተ መሰኻኽር እግዚኣብሄር ድሮ ቦትኦም ሒዞም ኣለዉ። ነዚ ንምውህሃድ ብዙሕ ዓመታት ኢዩ ወሲዱ፣ እንተኾነ ደቂ ኣምላኽ፣ ቅድሚ ከመይ ኢሉ እቲ ውጥን ተዋዲዱ ምርድኦም መጀመርያ፣ እቶም ክልተ መሰኻኽር መን ምዃኖም ክፈልጡ ኣለዎም።

ጸላኢ ሕጂ ኣብ ቤተ ክርስቲያነይ ኢዩ ቦታ ሒዙ ዘሎ። ንሱ ነዚ ከም'ቲ ኣብ ፈረስ ትሮይ ዝተሓብኤ ጸላኢ ኢዩ ጌርዎ። ጸላኢ - ብዙሓት ምኳኖም ዘክሩን ኩሎም ድማ ነቲ ኣራዊት ኢዮም ኣኽብሮቶም ዝህቡ - ኣብ ማእከላይ ምብራቕ እንኮላይ ሰሪቱ ኣሎ። እቲ ናይ ብሓቂ ዕላማ እስራኤል ኢያ፣ ዓዲ እቲ ካልኣይ ምስክር። እቶም ክልተ መሰኻኽር፣ ክርስቲያናትን ቤተ እስራኤልን ኢዮም። ክርስቲያንነት ቀዳማይ ዕላምኦም ኢዩ፣ ምኽንያቱ ካብይ ስለዝመጸ። እስራኤል ድማ ካልኣይቲ ዕላማ ኢያ፣ ምኽንያቱ ኣነ ኣይሁድ ኢየ ተወሊደ ከምኡ'ውን የሩሳሌም እትርከባ ምድሪ እቶም ሕሩያት ህዝቢ እግዚኣብሄር ስለዝኾነት።

ሰይጣን ነዞም ክልተ ክድምስሶም ምድላዩ ብኣጋጣሚ ኣይኮነን፣ ስለጸልኣምን ዝኾነ ተረፍ መረፍ ናቶም ብምውጋዱ ድማ ዝዓበየ ክብሎ ዝደሊ ነገር ንምባል ኢዩ - ልዕሊ እግዚኣብሄር ምኳኑ። እዞም ክልተ መሰኻኽር ክሳብ ክንደይ ብስም እግዚኣብሄር ክሳቐዩ ኢዮም። ኣይክሞቱን ኢዮም፣ እንተኾነ ካብ ኩሉ ሂወት ዝተኸልኡ መሲሎም ክርኣዩ ኢዮም።

ምስጢረ ቤት ክርስቲያናት እቶም መጀመርያ ዝድምሰሱ ኢዮም - ድሕሬኡ ቅዳሴ - ድሕሬኡ መጽሓፍ ቅዱስን ኩሎም ኣሰራት ቃላት እግዚኣብሄርን። ኣብ'ዚ ግዜያት እዚ፣ ብዙሓት ንቃል እግዚኣብሄር ንክእውጁ ክቃለሱ ኢዮም። ኣብ'ዚ እዋናት ኢዩ ድማ ጸጋታተይ ብመንገዲ ሓይሊ መንፈስ ቅዱስ ኣብ ኩሉ ዝፈስስ፣ መታን እግዚኣብሄር ፈጺሙ ከይርሳዕ።

**እቲ ጸረ-ክርስቶስ**

ኣብ ቀረባ ግዜ እቲ ጸረ-ክርስቶስ ኣዝዩ ህንጡይ ውጥን ሰላም ኣብ ማእከላይ ምብራቕ ብምፍጣር ነብሱ ከም ፈታው ሰላም ከላልያ ኢዩ።

ነቲ ጸረ ክርስቶስ ሕጂ የዳልዉዎ ኣለዉ፣ ነቲ ዓቢ ኣተኣታትውኡ። ክሳብ ሽዑ፣ እቲ ክፉእ ውጥን ምትላል ንጹሃት፣ ብስመይ ሓሶት ምምሃሮም፣ ክቕጽል ኢዩ። ነቶም ነቲ ሓቂ ዘይትቕበሉ፣ እቶም ግዜያት ከምዘርከቡኹም ፍለጡ። ነቲ ሓቂ ሕጂ ክትቅበሉዎ ዘይትኽእሉ እንተኼንኩም፣ ብሓቂ ተፍቅሩኒ እንተኼንኩም፣ ጸጋ ቅኑዕን ጌጋን ምፍላይ ክህበኩም ኢየ።

ብዙሓት ነቲ ብጥንቃቐ ዝተሓብኤ ክፉእ ውጥን ክርእይዎ ኣይክእሉን ኢዮም፣ እንተኾነ ከም'ቲ ኣቐዲሙ ዝተነግረ ኣብ ቅድሚ ኣዒንትኹም ይገሃድ ኣሎ። እቲ ቅዱስ ጽሑፍ ፈጺሙ ኣይሕሱን ኢዩ። ቃለይ እቲ ሓቂ ኢዩ። እቲ ሓቂ ድማ እቲ ገመድ መድሕንኩም ናብ መንገዲ ድሕነት ኢዩ። ነቶም ኣብ ውሽጢ ቤተክርስቲያነይ በቶም ብስመይ ዘይመጹ ዝዋሃቡኹም ሓሶታት እንተተቐቢልኩምም፣ ሽዑ ናብ ድቕድቕ ጸልማት ክትወድቁ ኢኹም ከምኡ'ውን በቲ ክፍኣት ክትዋሓጡ ኢኹም፣ ኣብ ከምዚ'ኦም ዝኣመሰሉ ብስመይ ዝቐርቡልኩም ሽሑራዊ ልምድታት እንተተሳቲፍኩም - ካባይ ክትጠፍኡ ኢኹም።

ኣብ ኣዝዩ ቀረባ ግዜ፣ እቲ ናይ ብሓሶት ሰላም ምስተፈጥረ፣ ንኣይሁድ ንምጥፍኦም ውጥናት ክጅመሩ ኢዮም። እቲ ኣራዊት ንእስራኤል ከጥቅዓ እንከሎ፣ እቲ ሓሳዊ መሲሕ ንህላዌይ ነጺጉ፣ ንካቶሊካዊያን ጥራይ ዘይኮነ ንኩሎም ክርስቲያናትን ሃይማኖታትን ነቲ ኣራዊት መታን ከምልኹ ብጉልባብ *ሃይማኖት ሓንቲ ዓለም* ከስሕቶም ኢዩ።

እዚ መልእኽቲ ኣብ ነፍሲ-ታትኩም ፍርሒ እንተሸርጢጡ፣ ሓሳባተይ'ሲ እምበኣር ዝኾነ ንዓኹም ክብርሰኩም ዝኽእል ነገር ካባኹም ንኽይሓብእ ኢዩ። እቲ ካብ ኩሉ ዘገድስ ነገር ንኣስተምህሮይ ሓቀኛታት ኩኑን፣ ዑቕባይ ክትረኽቡ ጸልዩን። ንዓይ ንየሱስኩም ስዑም ክትብሉ እንከለኹም፣ ክመርሓኩም ሕተቱኒ፣ ኩሉ ግርም ክኸውን ኢዩ።

ኣብ ውሽጢ ዑቕባይ ከእትወኩም ኢየ - ንኩሉኹም እቶም ካብ'ቲ ሓቂ ዘይትእለዩ።

ናትኩም የሱስ

**እመኑኒ እሞ ኣዒንትኹም ንሓቅነት እቲ ዘደንቕ መጻኢኹም ክኸፍተን ኢየ**

ሰኑይ፣ ሓምለ 22፣ 2013 ሰዓት 19፣09

ኣዚኺ ዝተፈቐርኪ ጓለይ፣ ንኹሎም መንእሰያት ዓለም፣ ናይ ኩሉ ሃይማኖታትን እምነታትን እጽውዕ ኣለኹ።

ኣነ የሱስ ክርስቶስ ኢየ፣ እቲ መድሓኒ ዓለም፣ ኣብ ቀረባ ግዜ ድማ ንዓይ ከምእትፈልጡኒ ክገብር ኢየ። ኣብ ዓለም ሙሉእ ብዝኸውን መለኮታዊ ፍጻመ ሓንሳብ እዚ ምስኮነ፣ ነቲ ሓቂ ክትፈልጡዎ ኢኹም።

ነዚ ናይ ሕጂ ጸውዒተይ ኣይትቕበሉዎን ትኾኑ። ኣብ መዓልታዊ ሂወትኩም ሓንንፋይ ኣይትብሉንን ትኾኑ፣ እንተኾነ ግዳ እቲ ፍቕሪ ናተይ ምስ ተሰማዓኩም፣ ድሕሬኡ ዝኾነ ነገር ኣይከገድሰኩምን ኢዩ። እቲ ዳግማይ ምጽኣተይ ቀሪቡ ኣሎ። እዚ ፍጻመ፣ ሰላም ከምጽእ ክመጽእ እንከለኹ፣ ንምምጻእ እታ ሓዳስ ገነት ከበስር እንከለኹ፣ ቅድሚ ሕጂ ተሰሚዕኩም ብዘይፈልጥ ሓጎስ ክትጉብኡ ኢኹም። ክትሓልሙዎ ዘይትኽእሉ ዓይነት ሂወት ከምጻኣልኩም ኢየ - ሓንሳብ ቁሊሕ ምስ በልኩሞ እቲ ኩሉ እትብህጉዎ ዓይነት ሂወት።

ዳግማይ ምጽኣት ክፍራሕ ኣይግብኦን ኢዩ፣ እቲ ኣዝዩ ሓያል ዘሔጉስ ኣጋጣሚ ስለዝኸውን። እዚ ናተይ መብጽዓ ኢዩ። ሂወት ተወዲኣ ኢልኩም ፈጺምኩም ኣይትጨነቑ ወይ ኣይሰማዕኩም - እቲ ኣብ ዓለም ናተይ ኢዩ እትብሉዎ ግዜኹም ክንክላእ ኢና ኢልኩም - ምኽንያቱ ሂወት ሽዑ ኢያ ክትጅምር። ኣብ'ዚ እዋን ስቓይ፣ ጉድኣት፣ ሕርቃን፣ ጽልኢ ወይ ምክፍፋል ኣይክህሉን ኢዩ። ፍቕሪ ክዕምብብ ኢዩ፣ ምስኡ ድማ፣ ዘደንቕ ሂወት፣ ምስ'ቶም ፍቱዋትኩም ብዓቢ ሓድነት፣ ፍቕሪን ሰላምን እትነብሩሉ ሂወት።

ንዓለም ነዚ ዝተነበየ ዓቢ ፍጻመ የዳልዋ ኣለኹ። ንኽትዳለዉ - መታን ኣብ ቋሕ ሰም ግዜ ናይ ዓይኒ ዓለም ንዘልኣለም ክትቅየር ኢያ እሞ - ናባይ ክትመጹ ኣለኩም። ኣብ'ታ ሓዳስ ገነት፣ ኣብ'ታ ፍጹም ስጋን ነፍሲን እትውንኑላ ቦታ፣ እዚ ሂወት ንኽትዋሃቡ ነፍስኹም ንኽንጽሃ ክትሓቱ ኣለኩም። ኣነ ነዚ ክገብር መታን ክኽእል ድማ፣ ሓጥያታትኩም ክሓድገልኩም ክትሓቱኒ ኣለኩም። ክሳብ ከም'ዚ ኢዩ ቀሊል። ሓጥያተኛታት ምኺንኩም እፈልጥ ኢየ። ንስኹም'ውን ሓጥኣን ምኺንኩም ትፈልጡ ኢኹም፣ እንተኾነ እዚ ካባይ ፈጺሙ ክፈልየኩም የብሉን።

ኣብ ጸበባ እንትለኹም ወይ ፍርሒ እንትለኩም፣ ሽዑ ጭንቀትኩም ንገሩኒ እሞ፣ ቃንዛኹም ከህድኦ ኢየ። እመኑኒ እሞ ኣዒንትኹም ንሓቅነት እቲ ዘደንቕ መጻኢኹም ክኸፍተን ኢየ። ምድሪ ምስተሓደሰትን ዳግማይ ምጽኣት ምስተኣወጀ፣ ሰላም

ክብለኩም ክጽበየኩም ኢየ። ወትሩ ከፍቅረኩም ኢየ፣ ምኽንያቱ ክሰቕሉኒ ክፈቕደሎም ከለኹ ንዓኹም ኢየ ስጋይ ኣሕሊፈ ሂበ። ክሳብ ክንድ’ዚ እንተፍቂረኩም፣ ሎሚ ንዓይ ክትጽውዑ ዝኾነ ነገር ኣብ መንገዲ ክዓግተኩም የብሉን።

ጻውዒትኩም እጽበ።

ናትኩም የሱስ

**ኪዳነ ምሕረት፡- ናይ መወዳእታ ምስጢር ናይ ፋቲማ ኣይተገልጸን፣ ኣዝዩ ዘርዕድ ኢዩ ኔሩ**

ሶኒ፣ ሓምለ 22፣ 2013 ሰዓት 20፣17

‘ዛ ጓለይ፣ እቲ ምትላል፣ ንዓለም ዝገጥማ፣ ፈሊኻ ክትፈልጦ ኣዝዩ ኣሸጋሪ ካብ ምኳኑ እተላዕለ እቶም ንእግዚኣብሄር ስዩም ዝብሉን፣ ኩሉ እምነቶም ኣብ ወደይ ዘውድቑዎን ጥራይ ኢዮም ነዞም ዝመጹ ፈተናታት ክጽመሙዎም ዝኽእሉ።

ንዓለም ኣብ 1917 ትንቢታት ሂበያ ኔረ፣ እንተኾነ እቲ ናይ መወዳእታ ምስጢር ፋቲማ ኣይተገልጸን፣ ነቶም ኣብ ውሽጢ ቤተ ክርስቲያን ካቶሊክ ዘለዉ’ሲ ኣዝዩ ዘርዕድ ኢዩ ኔሩ።

እቲ ናይ መወዳእታ ምስጢር ፋቲማ ክሳብ ሕጂ ንደቂ እግዚኣብሄር ኣይተገልጸሎምን፣ ዋላ’ኳ ገለ ክፋሉ ንዓኻትኩም ብጥሪ 26፣ 2012 እንተተገለጸልኩም። ኣብ ውሽጢ ቤተ ክርስቲያን ካብ ዘለዉ ኣዝዮም ውሑዳት ጥራይ ኢዮም ነዚ ምስጢር ዝፈልጡ። ሕጂ፣ እቲ ዝተረፈ ናይ መወዳእታ ክፋል ምስጢር ፋቲማ ክግለጽ ኣለዎ፣ መታን ነቲ ነፍሲታት ከድሕን ንምሕጋዝ ኢለ ዝገብሮ ምትእትታው ዕሽሽ ናይ ምባል ሳዕቤን ንደቂ ሰብ ከጠንቕቖም ክኽእል።

ቤተ ክርስቲያን ኣብ ውሽጣ ብጸላእቲ እግዚኣብሄር ተዓሲላ ኣላ። ንሶም - ካብ ውሽጢ ኮይኖም ዝቆጻጸሩ ዕስራ ኢዮም - እቲ ዝዓበየ ምትላል ፈጢሮም ኣለዉ።

እቲ ዝርዝራቱ፣ ኣነ ዝገለጽኩዎ፣ ኣብ መወዳእታ ግዜያት ነታ ኣኽሊል ጴጥሮስ ደፊኦም ዝርከቡ ክልተ ሰብኡት ክህልዉ ኢዮም ዝብል ኢዩ። ሓደ ካብኦም ንዕኡ ንምሕሳር ብዝተፈጥሩ ሓሶታት ክሳቐ ኢዩ፣ ብሰንኩ’ውን ዳርጋ ተግባራዊ እሱር ክኸዉን ኢዩ። እቲ ሓደ ዝምረጽ ድማ ናይ ካቶሊካዊት ቤተ ክርስቲያን ጥራይ ዘይኮነ ናይ ኩለን ንኣቦይ ዘምልኻን ንኣስተምህሮ ወደይ፣ የሱስ ክርስቶስ፣ መድሓኒ ዓለም፣ ዝቕበላን ኣብያተ ክርስቲያን ጥፍኣት ከምጽእ ኢዩ።

ኣብ ዓለም ብወደይ ዝተሸመን ክሳብ ዕለተ-ሞቱ ሊቀ-ጳጳሳት ኮይኑ ክጸንሕ ዘለዎን ሓደ ርእሲ ቤተ ክርስቲያን ጥራይ ኢዩ ክህሉ ዝኽእል። ዝኾነ ካልእ ኣብ መንበረ ጴጥሮስ ተቐሚጡ ኣለኹ ዝብል ኣምሰሉ ጥራይ ኢዩ። እዚ ምትላል ዕላምኡ ሓደ ነገር ጥራይ ኢዩ፣ ነፍሲታት ንሰይጣን ኣሕሊፉ ንኽህብ ኮይኑ፣ እዞም ነፍሲታት ድማ ንባዕሎም ኣይክርድኦምን ስለዝኾነ ንምድሓኖም ውሑድ ግዜ ጥራይ ኢዩ ዘሎ።

ደቀየ፣ ሕጂ ሓንቲ መጠንቀቕታ ክትሰምዑ ኣለኩም። ካብ ኣስተምህሮታት ደቀይ ኣይተላግሱ። ዝኾነ ንዓኹም ዝቐርበልኩምን ካብ ምድራዊት ቤተ ክርስቲያን ወደይ መንጭዩ ዝበሃል ሓድሽ ኣስተምህሮ ሕተቱሉ። እቲ ሓቂ ቀሊል ኢዩ። ኣይቅየርን ኢዩ። ውርሻ ወደይ ንጹር ኢዩ። ዝኾነ ሰብ ሚዛንኩም ከጸልምቶ ኣይትፍቀዱ።

ኣብ ቀረባ ግዜ ትንቢታት ፋቲማ ትርጉም ክህቡ ክህቡ ኢዮም። ኩሉ ሕጂ ኣብ ቅድሚ እቲኣ ዘይትኣምን ዓለም ይፍጸም ኣሎ፣ እንተኾነ ግዳ፣ እቲ ዘሕዝን፣ ግዜ ክሳብ ዝውዳእ'ሲ ኣዝዮም ውሑዳት ኢዮም ክርድኦም። ነቲ ኣዝዩ ቅዱስ ውዳሴ ማርያም ጸልዩ፣ ጸልዩ፣ ጸልዩ፣ ክንዲ ዝተኻእለኩም፣ ነፍሲ ወከፍ መዓልቲ፣ መታን ጠንቂ ናይ'ቲ ከቢብኩም ዝርከብ ክፍኣት ከተፋኹሱዎ።

ፍቕርቲ ኣዴኹም

ኪዳነ ምሕረት

**ኣብ ራእየ ዮሃንስ ተጠቒሶም ዘለዉ ምስጢራት ክገልጾም ኢየ፣ ዘሔጉሱ ድማ ኣይክኾኑን ኢዮም**

ሰሉስ፣ ሓምለ 23፣ 2013 ሰዓት 15፣30

ኣዚኺ ዝተፈቐርኪ ጓለይ፣ እቶም ዝገጥሙኺ ፈተነታት'ሲ ብሰንኪ ኣብ ራእየ ዮሃንስ ተጠቒሶም ዘለዉ ምስጢራት ምግላጻይ ኮይኑ፣ ዘሔጉሱ ድማ ኣይክኾኑን ኢዮም። እቲ ሓቂ ንብዙሓት ዘሸብርን ዘናውጽን ክኸዉን ኢዩ። እቲ ሓቂ ንብዓት ጭንቀት፣ ንብዓት ጓሂን ዓብዪ ጸበባን ከስዕብ ኢዩ።

ሓሶታት፣ በቲ ሓደ ወገን፣ ናብ ናይ ሓሶት ስምዒት ውሕስነት እንዳዛነዩ ክወስዱኹም ይኽእሉ ኢዮም። ዋላ እቶም ብፈቃር ቋንቋን ወረጃ ምልክታትን ንዓኹም ዝቐረቡልኩም ሓሶታት ብልብኹም ቅኑዓት ዘይምኧኖም ይሰምዑኹም፣ ንሰብ ግን ካብ ንሓቂ'ሲ ንዓኣቶም ምቕባል ይቐሎ።

ሓደ ሰብ ብዘይምሕር ሕማም ከምዝተለኸፈ ምስ ዝንገሮ፣ ክልተ ምርጫታት ኣለውኦ። ነቲ ሓቂ ተቐቢሎም፣ ነፍሲታቶም የዳልዉ፣ ምስ ስድራቤቶም ቀሪቦም ግዜኦም የሕልፉ፣ ሕድገተይ ሓቲቶም፣ ሽዑ ነታ ዕለቶም ይጽበዩ። በቲ ሓደ መዳይ፣ ነቲ ሓቂ እንተነጺጎሞ፣ ከምኡ'ውን ሽሑራዊ መስተን ናይ ሓሶት ኣማልኽቲ ተጠቒሞም ብተኣምራት ክንፍወስ ኢና ኢሎም እንተኣሚኖም፣ ክሓዝኑ ኢዮም። እዞም ነፍሲታት፣ በቶም እወንታዊ ሓሳባት ተባሂሎም ዝጽውዑ ዓዊሮም፣ ክሕሸና ኢዩ ኢሎም ነብሶም እንተእሚኖማ ኩሉ ከምዝሓይሽ ኢዮም ዝኣምኑ። ክይተረድእዎ ዝተረፈ ነገር እንተሎ፣ ክሓውዩ እንተደልዮም፣ ናባይ ናብ የሱስ ክጽውዑ ኣለዎም። ንጸሎቶም ክምልሰሎም ኢየ፣ እንተኾነ እቲ ሕቶኦም ንነፍሲታቶም ዝጠቅም እንተኾይኑ ጥራይ። እቶም ንሓቅነት ሕማሞም ምቕባል ስኢኖም ናባይ ዘይምለሱ፣ ክጠፍኡ ኢዮም። እቲ ቤቶም ብስርዓት ከምዘሎ ከረጋግጹሉ ዝግባእ ኣብ ምድሪ ዝተዓደሎም ግዜ ኣባኺኖሞ ማለት ኢዩ።

ብዛዕባ እዚ ሕጂ ዝተዋህበኩም ቃለይ ድማ ከምኡ ኢዩ። ኣብ ምድሪ ኣብ ዝነበረኒ ግዜ ቃለይ ንዓለም ሂበያ፣ ተነጺገ ድማ። ብዙሓት ስዒቦምኒ ኢዮም፣ እንተኾነ እቲ ሽዑ ዝተዋህቦም ሓቂ ሕጂ ብጸላእቲ እግዚኣብሄር ክብዳህ ኢዩ'ሞ፣ ንሳቶም ድማ ናይ ምትላል ግዳይ ክኾኑ ኢዮም። ኣብ ቀረባ ነቲ ሓቂ ክነጽጉዎ ኢዮም'ሞ ኣብ'ዚ እዋን ንዓለም ዝዋሃባ ዘሎ መጠንቀቕታይ ድማ ክቕበሉዎ ኣይክኽእሉን ኢዮም። ሕጂ ናባኹም ዝጽውዕ ዘለኹ ሓደስቲ ኣስተምህሮ ክገልጽ ኣይኮንኩን፣ እዚ ኣድላዪ ኣይኮነን እሞ። እቲ ሓቂ ተዋሂብኩም ኔሩ፣ ሕጂ ጣልቃ ዝኣቱ ዘለኹ ግዳ ነቲ ሓቂ ንኽዘክረኩም ኢዩ። ከምኡ'ውን ብሰሪ ንዓይ ዘለኩም ፍቕሪ ኣብ ልዕሌኹም ብዛዕባ ዝወርድ ክፉእ ጭካነታት ከዘክረኩም እንኮላይ እመጽእ ኣለኹ።

ሕቖኹም ንዓይ ንየሱስ ክርስቶስ ኣይትሃቡ፣ ኣብ’ዚ ግዜ’ሲ ከዕቁበኩም ጥራይ ኢለየ ኢደይ ዝዝርግሕ ዘለኹ። ከዳንየኩም ኣይደልን ኢየ፣ እንተዂነ ነቲ ሓቂ ምዝኽኻርኩም ክቕጽሎ ኢየ፣ ደጋጊመ። ነፍሲኹም ብሰንኪ እቶም ካባይ መጺና ዝብሉ ብዘቕርቡዎም ሓደስቲ ሕግታት እንተተሃዊኻ፣ ሽዑ በዚ ዝስዕብ ጸሎት ገድሊ ኣቢልኩም ናባይ ጸውዑ።

**ጸሎት ገድሊ (116) ካብ’ቲ ክፍኣት ሓሶት ኣድሕነኒ**
ክቡር የሱስ፣ ሓግዘኒ።

*ኣብ ናይ ዳሂ ንብዓት ይጥሕል ኣለኹ።*

*ልበይ ተደናጊሩ ኣሎ።*

*ንመን ከም ዝኣምን ጠፊኡኒ ኣሎ።*

*በጃኻ በቲ መንፈስ ቅዱስካ ምልኣኒ፣ መታን ናብ መንግስትኻ እትወስድ ቅንዕቲ መንገዲ ክመርጽ። ክቡር የሱስ፣ ነቲ ንዓለም ብጴጥሮስ ዝተዋህባ ቃልካ ኩል ግዜ ሓቀኛ ኮይነ ክጸንሕን፣ ካብ’ቲ ዝመሃርካና ከየላግስ ወይ ኣብ መስቀል ሙሟትካ ከይክሕድ ርድኣኒ።*

*የሱስ፣ ንስኻ ኢኻ እቲ መንገዲ።*

*እቲ መንገዲ ኣርእየኒ።*

*ሓዘኒ እሞ ኣብ’ቲ መንገዲ ዓብዪ ምሕረትካ ተሰከመኒ። ኣሜን።*

*ናትኩም የሱስ*

**ኣደ ድሕነት፡-  ልክዕ ከም ሓደ ተኣምር ዝተፈጸመ፣ እቲ ሓሳዊ መሲሕ ካብ ሞት ዝትንስእ ዘሎ መሲሉ ክርኤ ኢዩ**

**ሓሙስ፣ ሓምለ 25, 2013 ሰዓት 18፣52**

‘ዛ ዓለይ፣ ደቀይ ምስ’ቲ ክገጥሙዎ ዝግባእ ሃስያ ክራኸቡ እንከለዉ ትብዓት ከየጥፍኡ ኣገዳሲ ኢዩ፣ ቤተ ክርስቲያን ወደይ ናብ ጸምጸም በረኻ ፋሕ ክትብል እንከላ።

ኣብ ራእየ ዮሃንስ ዘለኹ ሰበይቲ ኣነ ኢየ፣ ጸሓይ ዝለበሰት፣ ነቲ ሕጻን ዝወለደቶ። እቲ ሕጻን የሱስ ኢዩ። እቲ ምስጢራዊ ኣካል ወደይ፣ የሱስ ክርስቶስ፣ እታ ምድራዊት ቤተ ክርስቲያኑ ኢያ። ቤተ ክርስቲያን ወደይ ትስረቐ ኣላ፣ ኣብ ቀረባ እዋን ድማ ኣካሉ ኣብ ውሽጢ እታ ቤተ ክርስቲያን ኣይክህሉን ኢዩ። እዚ ጽምዋ’ዚ ንልቢ እቶም ኣስተምህሮ ወደይ ዝስዕቡ ኣብ ክልተ ክጨዶ ኢዩ። እቶም ናብ ዘብሉዎ ዘይብሎም፣ ንነብሳቶም ካብተን ክሳብ ሕጂ ንቅዱስ ስጋ ወደሙ ሒዘን ዝጸንሓ ህንጻታት  ተደርብዮም ክረኽቡወን ኢዮም። ዋላ ተሰጒጎም እንከለዉ ግን፣ ብዝዋሃቦም ንእሽቶ ምሕረት፣ ብመንፈስ ቅዱስ ክምልኡ ኢዮም። እዚ ማለት ድማ ንሳቶም ክምርሑን ነቶም ንእግዚኣብሄር እሙናት ብዝኾኑ ዝቕሙ ኣብ ምድሪ ዝተረፉ ሰራዊት ኣምላኽ ብብርታዔ ክመርሑን ኢዮም።

ካልኦት፣ በቲ ሓሶት ዓዊሮም፣ ነቲ ሓሳዊ ነብዪ ክሳብ ፋሕ ብትን ክስዕቡዎ ኢዮም። ልብታቶም ክታለሉ ኢዮም፣ ኣብ ቀረባ ድማ፣ እቲ ናይ ሓሶት ነብዪ ኣብ ኣፍደጌ ሞት ምስ ተራእየ፣ ክንኽነኹ ኢዮም። እንተኾነ ሽዑ፣ ልክዕ ከም’ዛ ተኣምር ዝተፈጥረ፣ እቲ ሓሳዊ ነቢይ ካብ ሞት ዝተንስኤ መሲሉ ክርኤ ኢዩ። ካብ ሰማያት ዝተዓደሎ ዓብዪ መለኮታዊ ሓይሊ ኣለዎ ክብሉ ኢዮም፣ ኣብ ቅድሜኡ ፍግም ኢሎም ክሰግዱሉ ኢዮም። በቶም ክርእዩ ዘይክእሉ ድማ ክፍቀርን ክምለኽን ኢዩ።

ኣብ ቀረባ እቲ ጸረ-ክርስቶስ ክመጽእን፣ ኣብ የሩሳሌም ዝናኡ ክዓርግ ክጅምርን ኢዩ። ሓንሳብ ኣብ ሓፋሽ ምስተራእየ፣ ኣብ ውሽጢ ቤተ ክርስቲያን ወደይ ኩሉ ነገር ቀልጢፉ ክቀያየር ኢዩ። እቶም ሓደሽቲ ሕጋጋት ክተኣታተዉ ኢዮም። ሓደስቲ ቅርስታት፣ ምቕያር ኣልባሳት ኣቐሽሽቲን ብዙሓት ሓደስቲ መምርሒታትን ክትግበሩ ኢዮም። ኣብ ፈለማ፣ ሰባት እዚኦም ምቅይያራት ትሕትና ስለዘድሊ ዝተኣታተዉ ኢዮም ክብሉ ኢዮም። ከምኡ’ውን፣ እዞም ጽያፋት ናብ ኣብያተ ክርስቲያናት ኣብ ዝኣትዉሉ፣ እቲ ምስዓግ ክጅመር ኢዩ። ነዞም ሰይጣናውያን ጽምብላት ክትቃወሙ ድፈሩ እሞ ከም መናፍቓን ክትሕሰቡ ኢኹም - ከም ፈጠርቲ ሽግር።

ብዙሓት ካርዲናላት፣ ጳጳሳት፣ ኣቐሽሽቲ፣ ደናግልን ተራ ምእመናንን ነቶም ሓደስቲ መምርሒታት እንተዘይተቐቢሎም ወይ ነቲ ሓሳዊ ነቢዩ እንተዘየኽቢሮም ክውገዙ ኢዮም። ኣብ’ዚ መድረኽ’ዚ ነቶም ኣብ’ዚ ግዜ ተዓልዮም ዝጸንሑ መዕቆቢታት ክትደልዩዎም ኣለኩም፣ መታን ብሰላም ንወደይ የሱስ ክርስቶስ ከተምልኹ። ኣቐሽሽቲ ንምስጢራተ ቤተ ክርስቲያን ምትግባሮም ክቐጽሉን ንደቀይ ነቲ ኣዝዩ ዝተቐደሰ ስጋኡን ደሙን ክቐርቡሎም ኣለዎም።

ኣብ’ቲ ክትካፈሉዎ እትሕተቱሉ ምትላል ኢድኩም ክትህቡ የብልኩምን። እቶም ዝካፈሉዎ ነፍሶም ነቲ ክፉእ ኣሕሲፎም ክህቡዋ ኢዮም።

ፍቕርቲ ኣዴኹም

ኣደ ድሕነት

**ፍርሒ የስዕቡ እምበር፣ ምስ'ቲ ድሒሩ ዝመጽእ ዓብዪ መቕጻዕቲ ኣወዳዲርካስ እዚኣቶም ዋላ ሓንቲ የብሎምን**

**ሓሙስ፣ ሓምለ 25, 2013 ሰዓት 20፣40**

ኣዚኺ ዝተፈቐርኪ ጓለይ፣ ኢድ ናይ ኣቦይ ኣብ ዓለም ሕጂ መጺኣ ኣላ፣ ንሓጥያት ወድ ሰብ ንምቕጻዕ። ሓጥያት ኣብ ዓለም በዚሑ፣ ምኽንያቱ ድማ ወዲ ሰብ ኣብ ሞንጎ ቅኑዕን ጌጋን ዘሎ ፍልልይ ይጠፍኦ ስለዘሎ ኢዩ። ሃገራትኩም ንዝኸፍኤ ሓጥያት ብመንገዲ እከይ ሕግታት ክቕበልኦ እንከለዋ ካብ ናይ ኣቦይ ናይ ሕርቃን ቁጥዔ ከተምልጡ ኣይትኽእሉን ኢኹም።

እዞም መቕጻዕቲታት ኣብ መላእ ዓለም ቀልጢፎም ክርኣዩ ኢዮም። ፍርሒ የስዕቡ እምበር፣ ምስ'ቲ ድሒሩ ዝመጽእ ዓብዪ መቕጻዕቲ

ኣወዳዲርካስ እዚኣቶም ዋላ ሓንቲ የብሎምን። ሰብ ነቓጽ ኢዩ። ረድኤት ካብ እግዚኣብሄር እንዳተወፈየሉ እንከሎስ ይኣቢ። ወዲ ሰብ

ንእግዚኣብሄር ክነጽግ መሪጹ ኢዩ፣ ነፍሲ ወከፍኩም ድማ ብሰንኪቶም ኣብ ሞንጎኹም ዘለዉ ኣረሜን ተሳቒኹም ኢኹም።

ካብ ሰማያት ዝመጽእ ጸውዒተይ ንኹሎም ነፍሲታት ኣብ'ቲ ናይ መጀመርያ ቅጽበት ንምድሓኖም ኢዩ፣ ከምኡ'ውን ግዳ ነቶም ኣብ ልዕሊ ዓሌት ወዲ ሰብ ዝወርዱ መቕጻዕቲታት ንኽቃለሉ መታን ክሕግዘኩም ኢዩ። ምሕረተይ ክሳብ ክንደይ ዓብዪ ኢዩ። ዓቕለይ ክሳብ ክንደይ ዓብዪ ኢዩ፣ እንተኾነ ግዳ እቶም ንኣስተምህሮታተይ ነጺጎም ካብ ኣቦይ፣ ካብ ፈጣሪኦም፣ ነፍሶም ዘርሕቑዋ ኣብ ቀረባ እቲ ሳዕቤኑ ክፈልጡዎ ኢዮም።

ንኹሎም ሃይማኖታት እጽውዔንን ንስለ ምሕረት ክትጽልዩ እልምነኩምን ኣለኹ፣ ነዚኤን መልእኽቲታት ተቐበልዎ ወላ ኣይትቀበልዎ ብዘየገድስ። እዞም ጸሎታት ነቶም ድሮ ጀሚሮም ዘለዉ መቕዘፍቲታት ኣብ ምቅላል ኣድለይቲ ኢዮም። ጸልዩ፣ ጸልዩ፣ ጸልዩ፣ ንሂወትኩምን ስለ ድሕነት ነፍሲታትኩምን።

ናትኩም የሱስ